# ሰሚዕኹም'ዶ መርድእ

ወደቓ ኾይኑኒ ኣይኣመነን ልበይ
ኣይመስለንን ኔሩ ክፍለ ካብ ዓይነይ
ለካ ሓቂ ኾይኑ ንሱስ ሪሒቑና
ሃርበኛ ናይ ልምዓት ጎበዝ ተፈልዩና

ሰሚዕኹም'ዶ ኩልኹም ተጋሩ
ፃዕራም ተፈልዩና ሓንሳእ ንሓዋሩ
እንታይ በልኩም መቐለ ኲሓ ቃላሚኖ
ኣርኣያ እንትልዓል ኣሎ ዝምስክሮ
ሰሚዕኹም'ዶ ማይጨው፣ራያ፣ዓዲመስኖ
ማእኸል ሆስቲታልኩም ሓወልቱ ይኹኖ

ሰሚዕኹም'ዶ ዓጋመና ፋፂ
መርድእ ወሪዱና መደንገፂ
ጅግና እንትስዋእ እንታይ በልኩም
ሓዚንኩም'ዶ ዓድዋ ብልብኹም
ኣኽሱም ዓደይ ኣለኩም'ዶ መልቀስ
ኣርኣያ ዓሪፉ ሓንሳብ ከይምለስ

ሰሚዕኹም'ዶ ሰለኽለኻ ሽረ
ኣቦ ልምዓት ከይዱ ዝነበረ
እንታይ በልኩም ሑመረታይ ካዛ
መርድእ እንትወርድ ከምብዋዛ

ሰሚዕኹም'ዶ ኣታ ተንቤን ዓብይ ዓዲ
ኣርኣያ ኣግሊሱ ካብ ህይወት መንገዲ
ህርኩት ወዲ ትግራይ ንህዝቡ ዘናዲ
ታሪኽ ገዲፉልና ናይ ልምዓት መኣዲ



ኣይተ ኣርኣያ ዘርሁን

ኣብ ዕቤታ ሰሪሑ ብዓቕሙ
ንቕድሚት ዝእምት ቀቀዲሙ
እንታይ በልኩም ጎብለል ኣቦ ኹናት
ኣርኪቡኩም ኣንበሳ ናይ ልምዓት

ከምኡ'ዩ ዝድለ ትግራውነት
ቀትሪ ለይቲ ዝፅዕር ንዕብየት
ኣርኣያ እንትሓልፍ ንሓዋሩ
መሬት ትግራይ ኣሎ ምስክሩ
ሰሪሑላ ክሳብ ሕልፈት ሞቱ
ከይዓረፈ ብሓሳብ ሃውቲቱ

ኣይትሕዘኑ ስድራቤት ኩለኹም
ንዘልኣለም ፅንዓት የዋርስኩም
ኣይተስማስሊ በዓል ቤቱ
ትግራይ ሙሉእ ኣሎ ሕላገቱ

ኣርኣያ እንተሞተ ታሪኹ ነባሪ
ሕድሩ ተቐቢልና ንመርሽ ብናህሪ
ሓዘን ክኣልዮ ማሕበር ልምዓት ትግራይ
ፅንዓት የዋርሶ ኣብ መንግስተ-ሰማይ፡፡

ኣርቲስት ሕሉፍ ኣለሙ
ካብ ኣሜሪካ